# <u>ውጽኢት መኣዲ</u>

ብዲያ. ዶር ገ/እግዚኣብሄር ደብረጽዮን

እቲ ዓለማዊ ይኹን መንፈሳዊ ምርድኣት ዘሰማማዓሉ ነገር ኣሎ። ንሱ ድማ ሓድነት ወይ ሕብረት ምንጪ ኩሉ ሓይሊ ምዃኑ እዩ። ሓድነት ዝብል ቃል ዘመሓላልፎ ትርጉም፡ ሓደ ምዃን ወይ ምስማማዕ ማለት እዩ። ሓድነት ዘድልየሉ ኸኣ ኣብቲ ብዙሕነት ዘለዎ ቦታ ወይ ኩነት ምዃኑ ንኹላትና ርዱእ ዝኾነ ሓቂ እዩ። ሓድነት ምንጪ ሓይሊ እዩ ምባልና፡ ሰባት ካብ ድምር እቲ ብተናጸል (ብብሓደ) ዘሰርሕዎ፡ እቲ ብሕብረት ዝዓይዎ ውጽኢቱ ከም ዝዓቢ ንምምልካት እዩ። ብሕብረት ምዕያይ ከም ንሓደ ገመድ ናብ ሓደ ኣንፈት ምስሓብ ብምዃኑ ዝባኽን ሓይሊ ዘይምህላዉ ጥራይ ዘይኾነ ዝፍጠር ሓዲሽ ሓይሊውን ምህላው ዘመልክት እዩ። ነዚ ድማ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ ሓደ ንሽሕ፡ ክልተ ድማ ንዓሰርተ ሽሕ ክሰጉ እዮም ብምባል፡ ሕጊ ሓድነት (ሕብረት) ዝፈጥሮ ውጺኢት እንታይ ምዃኑ ዝገልጸልና።

ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት ምድሪ ክሳብ ሓደ እዋን ብሓደ ቋንቋን ብሓደ ንግግርን ምንባራ ነንብብ። እንተ ኾነ ግን ሰብ ብሰንኪ እታ ኣብ ገነት ኤደን ዝኣበሳ ቦኽሪ ኣበሳ፡ ሕልንኡ ስለ ዝሞተ ወርትግ ዝሓስቦ ሓሳብ ክፉእ ነበረ። ኣንጻር እቲ ኣምላኽ ዝሃቦም መምርሒ ህይወት ዝኸይድ መገዲ ሒዞም ክዓዩ ምጅማሮም ድማ ንዕዘብ። ከተማ ባቤል ኣብ ዘሰርሕሉ ዝነበሩ እዋን ምስቲ ናይ ኣምላኽ ሓሳብ ዝጻረር ክልተ ዕላማታት ኣቐሚጦም ክዓዩ ጀመሩ። እቲ ቀዳማይ፡ ነቲ ክፈርዩን ክፉረዩን ንምድሪውን ክመልእዋ ዝጠልብ ሓሳብ ኣምላኽ ዝጻረር፡ ፋሕ ከይብሉ ኣብ ሓደ ክኾኑ ምድላዮም ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ሰማይ ዝጥንቀር ግምብታት ብምስራሕ ኣስማቶም ከጸውዑ (ከስምዩ) ምድላዮም እዩ። (ዘፍ 11፡1-9 ኣንብብ)

ምንም እኳ እዚ ዕላማታት ጽቡቅ እንተዘይነበረ፡ ኣብ ዕዮኦም ግና ኣሳልጦ ከም ዝነበሮም ንዕዘብ። ምስጢር ናይዚ ኣሳልጦ ድማ እቲ ሓደ ቋንቋ ዝዛረቡ ሓደ ህዝቢ ምዃኖም እዩ። እዞም ብቋንቋኦም ዝሓበሩ ሰባት ዚህቅንዎን ኪገብርዎ ንዝሓሰቡዎ ነገር ድማ ንኸይገብርዎ ክዓግቶም ዝኽእል ሓይሊ ዘይምህላዉ እግዚኣብሄር ክዛረብ ከሎ ንርኢ። እግዚኣብሄር ነዚ ዘይቅዱስ መደብ ኣብ ምቁራጽ ዝተጠቐመሉ መገዲ እንተ ነይሩ ድማ ነቲ ምኽንያት ኣሳልጥኦም ዝነበረ ሓደ ቋንቋ ምሕንፋጽ እዩ ዝነበረ። ቋንቋኦም ምስ ተሓናፈጸ ማንም ንዘረባ ብጻዩ ምስማዕ ስኢኑ ምርድዳእ ጠፍኤ፡ ምስራሕ እታ ከተማ ሓዲጎም ድማ ናብ ብዘላ ምድሪ ፍሕፋሕ ክብሉ ተራእዩ። እግዚኣብሄር ቋንቋኦም ዝሓንፈጸሎም፡ ኣምላኽ ኣንጻር ሓድነት ኮይኑ ዘይኮነስ፡ እቲ ድርኺት ናይዞም ሰባት ምስ መደብ ኣምላኽ ክራጸም ስለ ዝጀመረ እዩ።

ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣገዳስነት ምዝራብ ሓደ ቋንቋ ኣብ ምውቃዕ ሸቶኻ ልዕሊ ዝኾነ ኣካል ስለ ዝፈልጥ ነዚ ነገር ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ኣብ ማእከል ደቀ መዛሙርቱ ክዓየሉ ከም ዝጀመረ ንዕዘብ። እቶም ጎይታ ነቲ ዓቢ ዕዮ (ተልእኾ) ዝሓረዮም ሃዋርያት ገሊላውያን እዮም ዝነበሩ (ካብ

ይሁዳ ዝነበረ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ገዲፍካ)። ከምቲ ብዝሖም፡ ዝተጸውዑሉ ኩነታት፡ ዝመጽሉ ድሕረ-ባይታ፡ ዝነበሮም ሰብኣዊ ባህርያት ድማ ዝተፈላለየ እዩ ዝነበረ። ካብ ገፊፍቲ ዓሳ (ከም ደቂ ዮናን ደቂ ዘብዴዎስን ዝኣመሰሉ)፡ ክሳብ ንጉሳዊ ዓሌት ከም ዝነበሮ ዝእመነሉ በርተሎሜዎስ፡ ካብ ከም ማቴዎስ ዝኣመሰሉ፡ መሳርሒ መግዛእቲ ሮማ ኮይኖም ንህዝቦም ዝቐርጹ ተገውቲ ክሳብ ከም ስምኦን ብዓል ቃና፡ ኣንጻር መንግስቲ ሮማ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘካይዱ ቀንኣት፡ እቲ ዘፈላልዮም ነገራት ብዙሕ ክዝርዝር ይክእል እዩ።

ኮይኑ ግና እዞም ዝተጸውዑ ሰባት ከምቲ መጸውዒኦም ዕላማ ዝሕብረና፥ ምስኡ ምእንቲ ኪኾኑን ኪሰብኩ ምእንቲ ኺልእኮምን ነበረ (ማር 3:14)። ቅድሚ ናብ ልእኮ ምውጽኦም ምስኡ ብምዃን ካብ መኣዱ ክካፈሉ ይግብኦም ነበረ። እዛ መኣዲ እዚኣ፡ ነቲ ዝነበሮም ዘበለ ኹሉ ኣውሪዳ፥ ሓደ ነገር ብምዕጣቕ ቋንቋኦም ሓደ እትገብር መኣዲ ነበረት። ዋላውን ኣብቲ ብሞት ጎይትኦም ተሰፋ ቀሪጾም ንድሕሪት ክምለሱ ኣብ ዝተበገሰሉ እዋን፡ ነቲ ስምኦን ጴጥሮስ ዘምጽኦ ናብ ምግፋፍ ዓሳ ናይ ምምላስ ሓሳብ፡ ብምሉኦም ንሕናውን ምሳኻ ኢሎም ክስዕብዎ ከለዉ ንዕዘብ። እቲ ኣብተን ዝሓለፋ 3 ዓመትን መንፈቕን ናባታቶም ዝኣተወ መግቢ መኣዲ ጎይታ ከመይ ዝበለ ሓድነት ከም ዝፈጠረሎም ንምርኣዩ ኣየጸግምን እዩ። (ወ. ዮሐንስ 21:3) ድሕሪ ትንሳኤኡ ድማ ከም ሓደ ሰብ፡ ብሓደ ልሳን ነቲ ዝጠዓምዎን ዝረኣይዎን ብትብዓት ክሰብክዎ ክብገሱ ንዕዘብ። ክቃወሞም ዝኽእል ሓይሊ ድማ ኣይነበረን።

ስለዚ እዛ መኣዲ እዚኣ ተራ መኣዲ ኣይነበረትን። ንዝሞተ ሕልንኦም ፈዊሳ ቋንቋኦም ዝቀየረት መኣዲ እያ። መምከኺት ቑራዕ ዝኾነት መኣዲ፡ ኣብዛ መምከኺት ቑራዕ ዝኣተወ ኹሉ፡ ዝነበሮ ዘይጽሩይነት ኣራጊፉ፡ ሓደ ሓዲሽ ዓረር ጌራ እተውጽእ ፍልይቲ መምከኺት ቑራዕ እያ።

እቲ ልብኻ ከፊትካ እትሰምዖ ዘበለ ኹሉ ኣብ ባህርታትካ ገለ ለውጢ ናይ ምግባር ስልጣን ስለ እትህቦ ክቕይረካ ባህርይዊ እዩ። ነዚ ድማ እዩ ጎይታ ንደቀ መዛሙርቱ፡ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ብትሰምዕዎ (ካብ ትሰምዕዎ) ተጠንቀቑ ክብሎም እንዕዘብ። ካብ ማይ ብሑቕ ፈሪሳውያንን ሰዱቃውያንን ኽጥንቀቑ ማለት ካብ ምህሮ ፈሪሳውያንን ሰዱቃውያንን ክሕለዉ ከም ዘለዎም ከጠንቅቖም ከሎ ንርእይ። ባዕሉውን ይጥንቀቐሎም ነበረ። እቲ ካብ መኣዲ ፈሪሳውያን ክኻፈል ኣእዳዉ ዝሰደደ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ብሓሳብ ልቡ ካባታቶም ተፈልዩ፡ መወዳእትኡ እንታይ ከም ዝኾነ ኩላትና እንፈልጦ ታሪኽ እዩ።

ሓድነት ናይ ድሌት ጉዳይ ጥራይ ኣይኮነን፡ ናይ እትምገቦ ዓይነት መግቢ ውጽኢት ድማ እምበር። መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝምህረና ሓድነት፡ ሓደ ክትከውን ስለ ዝተሰማማዕካ ዝመጽእ ዘይኮነስ፡ ሓደ መንፈሳዊ መስተ ስለዝሰተኻ (ሓደ መንፈሳዊ መግቢ ስለ ዝበላዕካ) ዝመጽእ ነገር እዩ። ሓደ ምእንቲ ክንኸውን ሓደ መንፈስ ሰቴና ይብል ቃል ቅዱስ መጽሓፍ።

ሓደ ሰብ ናብ ክርስቶስ ምስ መጸ፡ መጀመርታ ኣብኡ ዝፍጸም ተኣምራት ናይ ሕልና ምፍዋስ እዩ። እቲ ድኹም ሕልናኡ ብደም ኢየሱስ ክርስቶስ ተሓጺቡ ህያው ይኸውን። እቲ እዚ ዝገብር እቲ መሕወዪ (ወሃቢ ህይወት) ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ድማ ናይ ዋንነቱ ምልክት ማሕተም ብምግባር ኣብ መቅደሱ ይሓድር። እዚ መንፈስ ናይቲ እቲ ኣማኒ፡ ንክርስቶስ ኣብ ምምሳል ዝገብሮ ናይ ለውጢ ጉዕዞ ዋሕስ እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ ድማ እዩ እቲ ኣብ ኩሎም ስሙ ዝጸውዑ፡ ሓደ ዝገብሮም ናይ

መንፈስ ሓድነት ዝፍጠር። እቲ ብዙሕ ግዜ ኣብ ቤተ ክርስትያን ላዕልን ታሕትን እንብለሉ ጉዳይ ኣብ መንጎ ኣመንቲ ብፍላይ ድማ ኣብ መንጎ ኣገልገልቲ ሕብረት ክህሉ እዩ። ነዚ ነገር ኣብ ክልተ ከፊልካ ምርኣይ ነቲ ሽግር ኣብ ምፍታሕ ዓቢ ተራ ዘለዎ እመስለኒ። ኣብ መንጎ ናይ መንፈስ ሓድነትን ናይ ኣሰራርሓ ሓድነትን ዘሎ ፍልልይ ኣነጺርካ ምርዳእ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

**ናይ መንፈስ ሓድነት**፡ እዚ ሓድነት እዚ፡ ቦታን ኩነታትን ባህልን ከይዓገቶ ኣብ ኩሎም ሰዓብቲ ጎይታ ዝርከብ ሓድነት እዩ። እዛ ሓድነት እዚኣ፡ ኣብ ርድኢት ትኽኽለኛ መንነት ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተሞርኮሰ ፍልጠት ዝፈጥረሎም ፍቅሪ ንኣምላኽን ንሓድሕዶም ዝኾነት ሰመያዊት ሕውነታዊት ፍቅሪን እያ። እዚ ድማ እቲ ኣባ ኣቦ ኢሉ ዘጸውዕ መንፈስ ወዱ፡ ናባካ ምስ መጸ ሰመያዊ ውልድነት ከም ዝረኸብካ ተፈሊጡካ፡ ንኣምላኽ ኣቦይ፡ ነቶም በዚ ምርዳእ ንኣምላኽ ኣቦይ ዝብልዎ ድማ ኣሕዋተይ ክትብሎም ዘኽእለካ ሓድነት እዩ። እቲ ናይ ሕብረት ሓባራዊ ረቛሒ እንስመየሉ ስም፡ እቲ ናይ ሓድነትና ምንጪ ድማ እቲ እንሰትዩ መንፈስ እዩ። “ኣይሁድ ወይስ ጽርኣውያን፡ ባሮት ወይስ ጭዋታት እንተ ኾንና፡ ንሕና ኹላትና ሓደ ስጋ ምእንቲ ኽንከውንሲ፡ ብሓደ መንፈስ ተጠሚቕና ኢና እሞ፡ ሓደ መንፈስ ሰቴና” (1ይ ቆሮንቶስ 12:13)

**ናይ ኣሰራርሓ ሓድነት፡** እዚ ሓድነት እዚ ነቲ ዝተዋህበና ዕዮ (ሰማያዊ ተልእኾ) ኣብ ምትግባር እንኽተሎ መንገዲ ንክንርዕሞ ዘኽእለና ናይ ርድኢት ስምረት እዩ። እዚ ሓድነት ብቦታን፡ ግዜን ባህልን ካልኦት ኩነታትን ክጽሎ ዝኽእል ሕብረት እዩ። ንውጽኢታውነት ዕዮ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ዓይነት ሓድነት ድማ እዩ። ብሓደ ክትዓዩ ናይ መንፈስ ሓድነት ግድነታዊ ቅድመ ኩነት እዩ። ብሓደ ክዓዩ ዘይምኽኣሎም፡ ኣመንቲ ናይ መንፈስ ሓድነት የብሎምን ዘብል እኳ እንተዘይኾነ፡ ብሓደ ክትዓዩ ምስምማዕካውን ንህላውነት ነቲ ናይ መንፈስ ሓድነት ውሕስነት ክከውን ኣይኽእልን እዩ። ኣመንቲ ብስሙር እቲ ናይ መንፈስ ሓድነትን ናይ ኣሰራርሓ ሓድነትን ሃልይዎም ብሓባር ክዓዩ ክኽእሉ፡ ካብ ሓደ መኣዲ ኣብ ምብላዕ ክውሰኑ ኣለዎም። እዚ እቲ ኣምላኽ ብዘለኣለማዊ መጋብነቱ ዘዳለወልካ መኣዲ እዩ። ካብዚ ወጻኢ ካብ ዝተፈላለየ መኣድታት ንምብላዕ ርእስካ ምፍናው፡ ብሓሳብካ ንምፍልላይ ርእስካ ምቅላዕ እዩ። ዝኣተወ ኩሉ፡ እንተ ንጽቡቅ እንተ ንሕማቕ ኣብ ርድኢትካን ባህርያትካን ኣካይዳካን ለውጢ ከምጽእ ናይ ግድን እዩ። ንሓንቲ ቤተ ክርስትያን ዝጎድኣ፡ ኣብ ዕዮኣ ኣሳልጦ ዘስእና ነገር፡ ናይ ኣሰራርሓ ሓድነት ኣብ መንጎ ምእመናን፡ ኣብ መንጎ ኣገልገልታን ክሰኣን ከሎ እዩ። እዚ ድማ ውጽኢት ዝተፈላለዩ፡ ባህላዊ፡ ኩነታዊ፡ ወሎዶኣዊ ጽልዋታት ኮይኑ ኢና እንረክቦ። በዚ መንጽር እዚ፡ ብወገን እቲ ኣማኒ ብዝተፈላለየ ኩነታት ንኽጽሎ ርእሱ ናይ ምቅላዕ፡ ወይ ብወገን ቤተ ክርስትያን ድማ ሓደ ሓባራዊ መኣዲ ካብ ምቅራብ ምብኳር፡ መርኣዩ እዩ።

ናይ ኣሰራርሓ መገድታት ሽሕ'ኳ ሰማያዊ መሰረት ዘለዎም ይኹኑ፡ ኣብ ሓደ ቦታን ግዜን ካብ ሓደ ንላዕሊ መንገድታት ክትክተል ምፍታን ንዘይውጽኢታውነት ዕዮ ጠንቂ እዩ። ንሰማያዊ መቦቀልነት ናይቲ ብመንፈስ ቅዱስ ወንጌል ኣብ ምድሪ ዓረብ ዝተማህረ ጳውሎስን፡ ኣብ እግሪ ጎይታ ወንጌል ዝተማህሩ ሃዋርያትን ዝተኸተልዎ ኣገባባት ጥርጥር የብልናን። እቲ ጳውሎስ ኣብ ኣህዛብ፡ ሃዋርያት ድማ ኣብ ኣይሁድ ዝተከተልዎ ኣገባባት ገለ ፍልልይ ከም ዝነበሮ ርዱእ እዩ። እዚ ኣገባባት ከም ዘለዎ በብቦትኡ ክዓይሉ እምበር ኣብ ሓደ ቦታ ንክዓዩ ክቐራቐስሉ ግና ኣይንርእን ኢና። ስለዚ ናይ ኣሰራርሓ መገድታት ምውህሃድን ሕብረትን እንተ ዘይረኺቦም እቲ ፍረ ክበዝሕ ኣይክእልን እዩ።

ኣብ ሓደ ቦታ፡ ካብ ብብሉጽ ጸጋታት ዝግልገል ዝተፈላለየ ኣገባባት፡ ብውሱን ጸጋታት ዝግልገል ሓባራዊ ኣገባብ ዝያዳ ውጽኢታዊ እዩ።

ሰይጣን'ውን እንተዀነ ኣመንቲ በቲ ዝተሓደሰ ሕልንኦም ነቲ ሰማያዊ ዕዮ ከይተግሁ፡ ምስራሕ እቲ ዕዮ ዘቓርጽ፡ (ማንም ንዘረባ ብጻዩ ካብ ዘይምስማዕ)፡ ምሕንፋጽ ናይ ቋንቋ ንክገብር ለይትን መዓልትን ይዓይይ ኣሎ። እንተ ተኻኢልዎ እቲ ልዕሊ ኹሉ ዝደልዮ፡ ኣብቲ መሰረታዊጽ ዝዀነ ናይ መንፈስ ሓድነት ምፍላስ ምእታው እዩ። ነዚ ክገብሮ ዝፍትኖ ድማ፡ ኣብ መንነት ክርስቶስን ኣምላኽን ዘተኾረ፡ ካብቲ ሓቀኛ (ኦርቶዶክሳዊ) ትምህርቲ ሃዋርያት ዝወጸ ህጸት ብምትእትታው እዩ። እዚ እቲ ጎይታ ልዕሊ ኹሉ ሓቅታት ብጥንቃቐ ክንሰረተሉ ዝሃበና ከውሒ እዩ። ንሃዋርያት ካብ ዝሓተቶም በዳህቲ ሕቶታት፡ ንክርስቶስ መን ከም ዝብልዎ ዝብል ሕቶ ነበረ። ኣገዳስነቱ ዓቢ ስለዝዀነ ድማ ኣብ ምምላስ እዚ ሕቶ ስጋን ደምን ፈተነ'ውን ክገብር ከየፍቀደ ባዕሉ ኣቦ ክገልጾ ደኣ ፈተወ። (ማቴ 16 ፥ 15-19) ስለዚ ውሕስነትና ንናይ መንፈስ ሓድነት ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ከውሒ ምስራትና እዩ፡ ንክርስቶስ መን ንብሎ ምህላውና ነዚ ከውሒ እዚ ይመስል ምህላዉ ንመርምር።

ኣብዚ ምብታን እቲ ናይ መንፈስ ሓድነት እንተ ዘይሰለጦ፡ ዘቓምቶ ካልኣይ ዕላማ ድማ፡ ኣብቲ ካልኣይ ናይ ኣሰራርሓ ሓድነት ስኒት ስኢኖም ንሓድሕዱ ዝባላዕ ዕዮ ዘለዎም፡ ዝለመሱ ንምግባሮም እዩ። እቲ ዝጥቀመሉ ስትራተጂ ድማ ስኒት ከስእኖም ዝኽእል መግቢ ምእንቲ ክረኽቡ ኣብ ዝተፈላልየ መኣድታት ክቋደሱ ምእንጋድ እዩ። ሰናይ ብዝመስል ይባረኹሉ ኣለኹ ኢልኻ ዝተካፈልካሉ መኣድታት፡ ድሕሪ ግዜ ካብ ቦታኻ ነቂሉ ዘውጽኣካ ባህሊ፡ ኣገባብ ኣሰራርሓ ከማዕብለልካ ይጅምር። እዚ ድማ ባህጊ ጸላኢ ዘርዊ ምህውታት እዩ። እቲ ፍረ እቲ ዕዮ እንተ ጎዲሉ፡ ወይ እቲ ዕዮ ብቓንዱ እንተ ቦኺሩ ዓወት ጸላኢ እዩ። ስለዚ ንጥዕና ሕብረትናን፡ ንውጽኢታውነት ዕዮናን፡ ነቲ ሓድነት መንፈስ ብማእሰር ሰላም ንሓልዎ (ኤፌ 4፡3)። ሓሳብና ሓደ ክኸውን ድማ ንመዓድ (ፊሊጲ 4:2)። እዚ ክኸውን ድማ እንቛደሰሉ ዘለና መኣድና ነስተብህል። "ንፍቕርን ንሰናይ ግብርን ንምንቕቓሕ ኣብ ንሓድሕድና ነስተብህል። እዚ ኸኣ እታ መዓልቲ እቲኣ ትቐርብ ከም ዘላ፡ ኣጸቢቕኩም ትርእዩ ኣሎኹም እሞ፡ ንሓድሕድና ንመዓዓድ እምበር፡ ገሊኣቶም ልማድ ከም ዚገብርዎ፡ ኣኼባና ኣይንሕደግ።" (እብ 10:24-25)

ስብሓት ለ እግዚኣብሄር